# ኤርትራ | ERITREA

TIER 1 | USCIRF-RECOMMENDED COUNTRY OF PARTICULAR CONCERN (CPC)

ኮሚሽን ኣህጉራዊ ናጽነት ሃይማኖት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (U.S. Commission on International Religious Freedom (USCIRF))፡ ዝተፈልየን ርእሱ ዝኸኣለን ኮሚሽን ፈደራላዊ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኮይኑ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ንዘሎ ኣድማሳዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ወይ እምነት ዚከታተል፡ ኣብ 1998 እተኣወጀ ኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት (International Religious Freedom Act (IRFA)) ዚቖመ እዩ። USCIRF፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ንዘሎ ጥሕሰት ሃይማኖታዊ ናጽነት ወይ እምነት ንምክትታል፡ ንኣህጉራዊ ደረጃታት ይጥቀምን ብዛዕባ ፖሊሲ ዚምልከት ለበዋታት ድማ ንፕረዚደንት፡ ጸሓፊ/ት ጉዳያት ወጻኢን ባይቶን የቕርብን። USCIRF፡ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት እተፈልየን ውጹእን ትካል ዝኾነ ዘይሻራዊ ትካል እዩ። ዓመታዊ ጸብጻብ 2018፡ ነቲ ኣብ ባይታ ዝፍጸም ዓመጻት ዝስንዱን ዘይሻራዊ ለበዋታት ፖሊስ ድማ ንመንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብዘቕርቡን ኮሚሽነራትን ክኢላታትን ንዝተኻየደ ዓመታዊ ስርሓት ዚምልከት እዩ። ሽሕ እኳ ድሕሪ'ዚ ገደብ-ግዜ ዝተፈጸመ ሓደ ሓደ ኣገደስቲ ፍጻሜታት ዝተጠቕሰ እንተኾነ፡ ዓመታዊ ጸብጻብ 2018፡ ካብ ጥሪ 2017 ክሳዕ ታሕሳስ 2017 ንዘሎ ንውሓት ግዜ ዚሽፍን እዩ። ብዛዕባ USCIRF ዚምልከት ተወሳኺ ሓሳባት ንምርካብ፡ ነዚ መርበብ-ሓበሬታ here ከፊትኩም ርኣዩ ወይ ድማ ብ202-523-3240 ገይርኩም ንUSCIRF ብቐጥታ ተወከሱ።

**ኤርትራ**

***ቀንዲ ርኽበታት፥*** *መንግስቲ ኤርትራ፡ ንሃይማኖታዊ ናጽነት ምዕፋን ይቕጽሎ ኣሎ። ኣሽሓት ኤርትራውያን፡ ብሰንኪ ዘለዎም ሃይማኖታዊ እምነት ወይ ልምድታት ተቐዪዶም ኣለዉ። ኣሰቃቒ ወይ ካልእ ሕማቕ ኣተሓሓዛ ሃይማኖታውያን እሱራት፡ ክስታት ከይቀረበ ዚካየድ ናይ ሃውሪ (ምልካዊ) ማእሰርትን ቀይድታትን፣ ዝተናውሐ እገዳ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ህዝቢ ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ጉጅለታትን ምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ምዝጉባት ሃይማኖታዊ ጉጅለታትን ዜጠቓልል ስሩዕ፡ ቀጻልን ዘስካክሕን ጥሕሰታት ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ይቕጽል ኣሎ። መንግስቲ፡ ንኣርባዕተ ሃይማኖታውያን ማሕበረ-ኮማት፥ ቁብጣዊት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ሱኒ እስላም፡ ሮማዊት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያንን ምስ ሉተራዊት ቤተክርስትያን ምትእስሳር ዘለዋ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራን ጥራይ ኣፍልጦ ይህብ። ኩለን ካልኦት እምነታት፡ ዘይተመዝገባ ኮይነን፡ ከም ዘይሕጋውያን ይቖጸራ።*

*እዚ ኩነታት፡ ኣብ ወንጌላውያንን ጴንጠቆስጣውያንን ክርስትያናት ከምኡውን መሰኻኽር የሆዋ ብዓቢ ደረጃ ብፍላይ ዘጋጥም እዩ። ሓያሎ ወንጌላውያንን ጴንጤቆስጣውያን ፓስተራት፡ ንልዕሊ 10 ዓመታት ተኣሲሮም ይርከቡ። ኣብ ዝሓለፈት ዓመት፡ መንግስቲ ኤርትራ ንጴንጤቆስጣውያንን ወንጌላውያንን ክርስትያናት ምስዓድ ወሲኹሉ እዩ። ሓይልታት ጸጥታ ኤርትራ ተሓቢእኻ ኣብ ዚካየድ ኣኼባታት ጸሎትን ሃይማኖታዊ በዓላትን፡ ንሰዓብቲ እዘን እምነታት ብተደጋጋሚ ኣሲሮም እዮም። ብተወሳኺ፡ ሰበ-ስልጣናት፡ ገዛ-ገዛ እናኸድካ ፈተሻ ብምክያድ፡ ነቶም ጴንጤቆስጣውያን ወይ ወንጌላውያን ኣመንቲ ፡ብሰንኪ ዘለዎም ሃይማኖታዊ እምነት ጥራይ ኣሲሮም እዮም። ካብ 1994 ጀሚሩ፡ መሰኻኽር የሆዋ፡ ብመንግስቲ ዚውሃብ ሰነዳት መንነትን ጉዕዞን፡ ስራሕ መንግስትን ፍቓድ ዋኒን-ትካላትን ንኸይረኽቡ ተኸልኪሎም ይርከቡ። ገለ ሰበ-ስልጣናት ከባቢ፡ ንመሰኻኽር የሆዋ፡ ማይን ጋዝን ከምዝኸልእዎም ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ሓቢሩ። መንግስቲ ኤርትራን ሃይማኖታውያን መራሕቲ ኤርትራን፡ ማእሰርትን ምፍታሕ ካብ ማእሰርትን ከምዘሎ ንህዝቢ ኣየፍልጡን እዮም፣ ምስጢራውነት መንግስትን ምፍርራህን፡ ትኽክለኛ ብዝሒ ከምዚ ዓይነት ፍጻሜታት ከምዝስነድ ኸትገብር ከቢድ ይገብሮ። እንተኾነ ግን፡ USCIRF፡ ሓያለ ማእሰርትታት ኣብ 2016 ከምዘጋጠመ መረጋገጺ ተቐቢሉ እዩ። ከም ኣማራጺ ናይ ሕልና ተቓዋማይ ንኽትከውን ዘየፍቅድ ገደብ-ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኸትገብር የገድድ፣ እቶም እተቓወሙ ኤርትራውያን ድማ ይእሰሩ፡ ከቢድ ናይ ጉልበት ዕዮ ንኽሰርሑ ይፍረዱ፣ ዓመጽ ይበጽሖምን ኩሉ ሕጋዊ ሰነዳቶም ይምንጠሉን። ኣብ ውትህድርና፡ ሃይማኖት ምኽታል ክልኩል እዩ፣ እቶም እተኸትቡ ወተሃደራት፡ ሃይማኖታዊ ጽሑፋት ሒዞም ወይ ኣብ ሃይማኖታዊ ምትእኽኻብ ክሳተፉ እንተተረኺቦም፡ ከቢድ መቕጻዕቲ ይውሃቦም። ሰለስተ መሰኻኽር የሆዋ፡ ወታሃደራዊ*

ኣገልግሎት ስለዝነጸጉ፡ ካብ 1994 ጀሚሩ ብዘይ ሕጋዊ ፍርዲ ኣብ ማእሰርቲ ይርከቡ። መንግስቲ፡ ንውሽጣዊ ጉዳያት ናይታ ዝዓበየት ጉጅለ እምነት ክርስትያን ዝኾነት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ብዕብላለ ይቖጻጸር ከምኡውን ንሃይማኖታዊ ንጥፈታት ምስልምና ጸቕጢ ይገብር። ፓትርያሪክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ነቲ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ቤተክርስትያን ዝግበር ምትእትታው መንግስቲ ስለእተቓወሙ፡ ካብ 2007 ጀሚሮም ተቐዪዶም ይርከቡ።

ብመንጽር'ዚ ጥሕሰታት፡ USCIRF፡ ኤርትራ ብመሰረት ኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት (International Religious Freedom Act (IRFA))፡ ኣብ ዝርዝር "ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት" (“country of particular concern” ወይ CPC) ንኽትኣቱ ኣብ 2018 ደጊሙ ይሕብር። ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ካብ 2004 ጀሚሩ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ድማ ኣብ ታሕሳስ 2017፡ ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር “ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት” ኣእትይዋ ይርከብ።

**ለበዋታት ምምሕዳር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ**

- ብመሰረት IRFA ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ዳግማይ ምእታው፣

- ነቲ ኣብ 22 CFR 126.1(ሀ) ኣህጉራዊ ሕግታት ምንቅስቓስ ኣጽዋር (International Traffic in Arms Regulations) ተጠቒሱ ዘሎ ኣብዚ ኣዋን'ዚ ኣብ ተግባር ውዒሉ ዘሎ እገዳ ኣጽዋር ከምዘለዎ ከምዝቕጸል ምግባር፣

- ንመንግስቲ ኤርትራ ምሕጽንታ ንምቕራብ፡ ክልተኣኣውን ብዙሕኣውን ድፕሎማስያዊ ኣገባባት ብቐጻሊ ምጥቃም፥
    - ንፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኣቡነ እንጦንዮስ ንዝርከብዎም ነቶም ንሃይማኖታዊ ንጥፈታት ብሰላም መገዲ ዘካይዱ እሱራት ብዘይ ምኽንያትን ኣብ ዝቕልጠፈ ግዜን ከውጽእ፣
    - ንዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ሃይማኖታዊ መከራ ምብጻሕ ከብቅዕን ከምዚኤን ዝኣመሰላ ጉጅለታት ከምዝምዝገባ ኽገብር፣
    - ንመሰኻኽር የህዋ ምሉእ ዜግነት ክህብ፣
    - ምስ ኣህጉራዊ መምዘኒታት ሰብኣዊ መሰላት ዚሳነ ብሕጊ ናይ ሕልና ተቓውሞ ንኽህቡ ንህዝቢ ከፍቅድ፣
    - ምስ ኣህጉራዊ መምዘኒታት ሰብኣዊ መሰላት ዚሳነ ምምዝጋብ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ዜጠቓልል ሃገራዊ ሕግታትን መምርሒታትን ንኸውጽእ፣
    - ኲነታትን ኣተሓሕዛን እሱራት ብመሰረት ኣህጉራዊ መምዘኒታት ከምዚኸውን ንኽገብር፣ ከምኡውን
    - ብሕቡራት ሃገራት እተመዘዘት ፍልይቲ ራፖርተር ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ፡ ብሕቡራት ሃገራት እተመዘዘ ፍሉይ ራፖርተር ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት፡ ብሕቡራት ሃገራት ዝቕመ ንሃውሪ ቀይዲ ዚከታተል ጉጅለን ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን ብዘይቀይዲ ምብጻሓት ንኽገብሩ ውግዓዊ ዕድመ ክህብ፣;

- ኣንጻር'ቶም ፍሉይ ዝኾነ ከቢድ ምጥሓሳት ሃይማኖታዊ ናጽነት ዘካየዱ ዝርከብዎም ኣብ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ይሳተፉ ከምዘለዉ ወይ ሓላፍነት ዝስከሙ ፍሉያት ሰበስልጣናትን ትካላትን ዒላማ ዝገበረ ስጉምታት፣ እዚ ስጉምታት፡ ብቤት ጽሕፈት ቁጽጽር ንብረታት ወጻኢ ክፍሊ ትረዠሪ እተታሕዘ ዝርዝር ኣስማት'ቶም “ብፍሉይ እተለለዩ ዜጋታት”፣ ብመሰረት ሰክሽን 604(ሀ) IRFAን ኣዋጅ ተሓታትነት ሰብኣዊ መሰላታት ዓለምለኻዊ ማግኒትስኪ (Global Magnitsky Human Rights Accountability Act) ከምኡውን ብመሰረት ኣዋጅ ዓለምለኻዊ ምግኒትስኪ ዝግበር ምድስካል ንብረት ዘጠቓልል እዩ።

- ሰበ-ስልጣናት ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምስ ፓትሪያሪክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ኣባ እንጦንዮን ንኽራኸቡ ክጠል፣

- ንምሕዳስ ዕማም ናይታ ብሕቡራት ሃገራት እተመዘዘት ፍልይቲ ራፖርተር ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ምድጋፍ፣

- ከምቲ ኣብ 2016 ብኮሚሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራ (UN Commission of Inquiry on Human Rights in Eritrea) ከምኡውን ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት (UN Human Rights Council)፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ነቶም ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነት ዝፈጸሙ ውልቀሰባት ዚምርምር፡ ዝኸሰስን ኣብ ቤት ፍርዲ ዜቕርብን ሓላፍነታዊ ስርዓት ክኸተክል፣ ከምኡውን

- ኣብ ኤርትራ ንዝፍጸም ገዚፍ ምጥሓሳት ሃይማኖታዊ ናጽነትን ሰብኣዊ መሰላትን ዝውግዝ ውሳኔ ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ሕቡራት ሃገራት ኤርትራ ንኽውሃብ ሓላፍነት ክወስድ እዩ።

**ድሕረ-ባይታ**

| |
|---|
| **ኤርትራ**<br>**ምሉእ ስም፥** ሃገር ኤርትራ<br>**መንግስቲ፥** ፕረዚደንታዊ ረፑብሊክ<br>**ብዝሒ ህዝቢ፥** 5,918,919<br>**ብመንግስቲ ኣፍልጦ እተዋህበን ሃይማኖታት/እምነታት፥** ቁጽጣዊት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ሱኒ እስልምና፡ ሮማዊት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ከምኡውን ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ<br>**ሃይማኖታዊ ዲሞክራፊ (ስነ-ህዝቢ)*፣**<br>48–50% ክርስትያን<br>48–50% ኣስላም<br><br>*ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ሕቡራት ሃገራት |

ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቅን ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን (Popular Front for Democracy and Justice (PFDJ))፡ ኤርትራ ኣብ 1993 ካብ ኢትዮጵያ ናጽነት ካብ ዝረኸበትሉ ግዜ ጀሚሮም፡ ደረት-ኣልቦ ስልጣን ብምሓዝ ንኤርትራ ይገዝእዋ ኣለዉ። ውልቃውያን ጋዜጣታት፡ ሰልፍታት ፖሎቲካዊ ተቓውሞ ወይ ናጻ ዘይመንግስታውያን ውድባትን የለዋን። ኣሽሓት ኤርትራውያን፡ ኣንጻር መንግስቲ ቅኑዕ ወይ ናይ ሓሳብ ተቓውሞ ብምግባሮም ተቐዪዶም ይርከቡ፣ ናይ 2015 ከምኡውን ናይ 2016፡ ጸብጻብ'ቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝቐመ ኮሚሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ([UN Commission of Inquiry on Human Rights in Eritrea (COI-E)](UN Commission of Inquiry on Human Rights in Eritrea (COI-E)))፡ ንሃይማኖታዊ እሱራት ሕልና ዜጠቓልል ሰፊሕ ስቓይን ግዱድ ጉልበትን ከምዘሎ ይሕብር።

መንግስቲ፡ እቶም ካብ 18 ክሳዕ 70 ዓመት ኣብ ዘለዉ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት፡ ንወተሃዳራዊ ስልጠና፡ ምዕባላዊ ወይ ሲቪላዊ ኣገልግሎት ዜጠቓልል ናይ ምሉእ ግዜን መወዳእታ ዘይብሉን ኣዝዩ ትሑት ክፍሊት እናተኸፍሉ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንኽፍጽሙን የገድድ። እቲ ሃገር፡ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ተፋጠጥ ስለእትርከብን ኣብ መንጐ እዘን ሃገራት'ዚኤን እተሓንጸጸ ዶብ ኣብ ተግባር ስለዘይወዓለን፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣገዳሲ'ዩ ብምባል፡ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ይካትዑ። እቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሲቪላዊ ኣገልግሎት ዘካተተ እኳ እንተኾነ፡ ኲሎም ኤርትራውያን፡ ወተሃደራዊ ስልጠና ክወስዱ ግዴታ ኣለዎም፣ ኲሉ ዓይነት ኣገልግሎት፡ ብወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ቀጥጽር ይግበረሉ፣ ኤርትራውያን፡ ከገልግልሉ ዘለዎም ዓይነት ኣገልግሎት ክመርጹ ኣይክእሉን እዮም። ስለዚ፡ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ንኽኾኑ ዝኾነ ኣማራጺ የብሎምን። ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ወተሃደራዊ'ቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይርከቡ እሞ ኸኣ ኣብ ግዱድ መደብ ሰቪላዊ ሚሊሻ ዝኣትዉ ካብ 18 ክሳዕ 50 ዓመት ዝዕድሚኦም መብዛሕቶም ደቀተባዕትዮን ደቀኣንስትዮን፡ ናይ ሕልና ተቓወምቲ ንኽኾኑ ኣይፍቀደሎምን ወይ ኣማራጺ ኣይውሃቦምን። ሕቡራት ሃገራትን እተፈላለያ ጉጅለታት ሰብኣዊ መሰላትን፡ እቶም ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት

ንኽሳተፉ ፍቓደኛታት ዘይኮኑ ሰባት ድማ ይቕየዱ፡ ከቢድ ጉልበታዊ ስራሕ ንኽሰርሑ ይፍረዱን ዓመጽ ይበጽሖምን ሕጋዊ ሰነዳቶም ከምዝህገር ይኽውንን። ኣብ ውትህድርና፡ ሃይማኖት ምኽታል ክልኩል እዩ፣ እቶም እተኸትቡ ወተሃደራት፡ ሃይማኖታዊ ጽሑፋት ሒዞም ወይ ኣብ ሃይማኖታዊ ምትእኽኻብ ክሳተፉ እንተተረኺቦም፡ ከቢድ መቕጻዕቲ ይውሃቦም።

ኣብ 2016፡ COI-E፡ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ተፈጺሙ ኢልካ "ንምእማን ብቑዕ ምኽንያታት" ረኺቡ፣ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ድማ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት (UN Security Council) ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበኛታት (International Criminal Court) ንኽመሓላለፍ ለበዋ ኣቕሪቡሉ። ኣብ ሓምለ 2016፡ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት (UN Human Rights Council) ድማ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ነቶም ኣብ ኤርትራ ስቓይ ዝፍጽሙን ነቲ ብ COI-E ከም ባርነት ዝቖጽሮ መወዳእታ ዘይብሉ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ዝከታተሉ ሰባት ዜጠቓልል ገበናት ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነት ዝፈጸሙ ውልቀሰባት ዚከታተል፡ ዝኸስስን ኣብ ቤት ፍርዲ ዜቕርብን ሓላፍነታዊ ስርዓት ንኽተክል፡ ነቲ ብ COI-E ዝቐረበ ለበዋታት ብምልኡ ርዒሙዎ።

ኣብ ልዕሊ ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት ኣብ ኤርትራ ኣዝዩ ውሑድ ሕጋዊ ሓለዋ ይግበር። እቲ ዘሎ ሓለዋ፡ ኣብ ግብሪ ዝውዓለ ኣይኮነን ወይ ድማ ብኻልእ ሕግታት ወይ ብግብሪ እተደረተ እዩ። ቅዋም ኤርትራ፡ ናጽነት ሓሳባት፡ ሕልናን እምነትን ይህብ፣ ዝኾነ ሃይማኖት ክኽተልን ሃይማኖት ከምዘለዎ ክሕብርን መሰል ይህብ፣ ከምኡውን ሃይማኖታዊ ኣድልዎ ይኽልክልን። እንተኾነ ግን እቲ ቅዋም፡ ካብቲ ኣብ 1997 ዝጸደቐሉ ግዜ ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን ኣሎ። ኣብ ግንቦት 2014፡ ፕረሲደንት ኢሳይያስ፡ ሓድሽ ቅዋም ክሕንጸጽ ምዃኑ ሓቢሩ፣ እንተኾነ ግን ክሳዕ'ዚ ጸብጻብ'ዚ ዝቐረበሉ ናይ መወዳእታ ግዜ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይተወሰደን ኣሎ።

**ኩነታት ሃይማኖታዊ ናጽነት 2017**

***ምዝገባ፥*** ካብተን ብመንግስቲ ዝፍለጣ ኣርባዕተ ሃይማኖታት ማለት፥ ቁብጣዊት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ሱኒ ምስልምና፡ ሮማዊት ካቶሊካዊት ኤርትራን ምስ እምነት ሉተራውያን ምትእስሳር ዘለዋ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ወጻኢ ዝኾና ኩለን ጉጅለታት ሃይማኖት ግዱድ ምዝገባ ንኽካይዳ መንግስቲ ኣብ 2002 ኣጽኒዒለን። ኩለን ካልኦት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሃይማኖታዊ ጉዳያት ንኽምዝገባ ዓመታዊ ከመልክታ ይግደዳ እየን። እቲ ግዱድ ምዝገባ፡ መግለጺ ታሪኽ'ቲ ጉጅለ'ቲ ኣብ ኤርትራ፣ ብዛዕባ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝርከብ ምንጪ ምወላ፡ መሪሕነት፡ ንብረትን ንጥፈታትን ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ፣ ከምኡውን ነታ ሃገር ብኸመይ ከምእትረብሕ ዚምልከት መግለጺ ወይ ምስ'ተን ካልኦት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ብምውድዳር ፍልይቲ ዝኾነትሉ ምኽንያትን ዜጠቓልል እዩ። ኣብ ቁ. ኣዋጅ 73/1995 ተጠቒሱ ምስ ዘሎ ማለት "ንሃይማኖታዊ ትካላትን ንጥፈታትን ሕጋዊ ደረጃ ክህልዎን ንጹር ክኸውን" ከምዚስማማዕ ንኺኸውን እቲ ምዝገባ የገድድ፣ እተመዝገባ ሃይማኖታውያን ትካላት፡ ንኽሰብኩ፡ ንኽምህራን ኣብ ንጥፈታት ጕስጓስ ንኽሳተፉን የፍቅደለን እኳ እንተኾነ፡ ".ንሃገራዊ ድሕነት፡ ጸጥታን ላዕለዋይ ሃገራዊ ረብሓታትን ምጥሓስ፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ምግልጋል ምንጻግን ንናጽነትን ሃገራዊ ልዑልነት ሃገርን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስርሓት ፖሎቲካዊ ወይ ሃይማኖታዊ ዕግርግር ንኽህሉ ምልዕዓል ምግባርን" ይኽልክል።

ክሳዕ ሕጂ፡ እተመዝገባ ካልኦት ሃይማኖታዋን ማሕበረሰባት የለዋን። ማሕበረሰብ ባሃኢ፡ ፕረስፒተርያን ቤተክርስትያን፡ ቤተክርስትያን ሜቶዳውያንን ሻውዔቲ መዓልቲ ኣድቨንቲስታውያን፡ ኣብ 2002፡ ነቲ ዝተጠልበ መመልከቲታት ብምሉኡን ዘቕረባ እኳ እንተኾና፡ መንግስቲ ኤርትራ ግን ክሳዕ ሕጂ ኣብ ዘቕረበኦ መመልከቲታት ስጉምቲ ኣይወሰደን ኣሎ። መንግስቲ ስጉምቲ ዘይምውሳዱ፡ እተን ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት፡ ኣገልግሎት ወይ ሃይማኖታዊ በዓላት ምክያድ ኣብ ዘጠቓልል ንእምነተን ብግልጺ ንኽኽተላ ዝኾነ ሕጋዊ መሰረት የብለንን ማለት እዩ። ብመሰረት ጸብጻብ ኮሚሽን መርመራ ሰብኣዊ መሰላት (COI-E) ከምኡውን ብUSCIRF ቃለ-መጠይቕ እተኻየደሎም ስደተኛታት፡ መብዛሕተን ዘይተመዝገባ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ተዓጽየን ከምዘለዋን ኣባይቲ ኣምልኾ ንኽሃንጻ ድማ መንግስታዊ ፍቓድ ክህልወን ከምዘግደዳን ይሕበር። እምነቶም እተኸተሉ መራሕትን ኣባላትን ዘይተመዝገባ ማሕበረሰባት፡ ብማእሰርትን ገንዘብን ይቕጽዑ።

***ስቓይ ሃይማኖታዊ እሱራት ሕልና፥*** ስቓይን ካልእ ዓመጻትን ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታውያን እሱራት ብቐጻሊ ከምዚበጽሕ ጸብጻብ ኣሎ። እታ ሃገር ሓበሬታ ዘይብላ ዕጽውቲ ብምዃና፡ እቲ ትኽክል ብዝሒ እሱራት ንኽትፈልጦ ከቢድ እኳ እንተኾነ፡ ካብ 1,200 ክሳዕ 3,000 ዝኾኑ ሰባት ኣብ ኤርትራ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ይሕብር። ኣብዚ ናይ ጸብጻብ እዋን፡ እተሓበረ ፍጻሜታት ሓደስቲ እሱራት ኣሎ። ኣዝዮም ብዙሓት ሃይማኖታውያን እሱራት ሕልና፡ ኣባላት ናይተን ዘይተመዝገባ ኣብያተ-ክርስትያናት እዮም። ኣብ ዓመት 2017 ድማ ቀኍጽሪ ማእሰርትታት ወሲኹ እዩ።

ሃይማኖታውያን እሱራት ድማ ኣብ ዝኸፍኤ ኣብያተ ማእሰርቲ ይእሰሩን ገለ ጭካነ ዝመልአ መቕጻዕትታት ድማ ይቕበሉን። እቶም ዝተፈትሑ እሱራት ድማ ኣብ ግሉል መቐየዲ፡ እሱራት ዝተጨቓጨቕዎ ኵነታት ወይ ትሕተ-ባይታዊ ድፋዕ፡ ከምኡውን ልዑል ምቕይያር ሙቐት ኣብ ዘለዎ ቦታታት ከምዝእሰሩ ሓቢሮም። ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ ክፉእ ኣተሓሕዛ ወይ ሕክምናዊ ክንክን ዘይምሃብ፡ ሞት ሃይማኖታውያን እሱራት የጋጥም ከምዘሎ ጸብጻባት ኣሎ።

ሃይማኖታውያን እሱራት፡ ብወግዓዊ መገዲ ክሲ ኣይምስረተሎምን፣ ሕጋዊ ጠበቓ ክህልዎም ኣይፍቀደሎምን ወይ ሕጋዊ መስርሕ ኣይካየድን እዩ። እሱራት፡ ዓው ኢሎም ንኽጽልዩ፡ ክዝምሩ ወይ ክሰብኩ ኣይፍቀደሎምን እዩ፣ ከምኡውን ሃይማኖታዊ መጽሓፍቲ ክልኩል እዩ። እቶም ካብ ማእሰርቲ ዝፍትሑ ወንጌላውያንን ጴንጠቆስጣውያንን መሰኻኽር የሀዋን፡ ናጻ ንኽልቀቑ ንእምነቶም ንኽኽሕዱ ጸቕጢ ይግበረሎም ከምዝኾነ ድማ ይሕብሩ። እቶም ካብ ቤት ማእሰርቲ እተፈትሑ ወንጌላውያን፡ ጴንጤቆስጣውያንን መሰኻኽር የሆዋን፡ ንእምነቶም ንኽሓድጉ ጸቕጢ ከምዝግበረሎም፡ ንኽምልኹ ኢሎም ፈጺሞም ከምዘይእከቡ ቃሎም ብምሃብ ንኽፍርሙ ድፍኢት ከምዝግበረሎም፡ ከምኡውን ኣብ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ዳግማይ ንኸይሳተፉ መጠንቀቕታ ከምዝውሃቦም ይሕብሩ።

***ጴንጤቆስጣውያንን ወንጌላውያንን፥*** መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሓደስቲ ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ብፍላይ ድማ ኣብ ፕሮቴስታንት ወንጌላውያንን ጴንጤቆስጣውያንን ማሕበረሰባት ጥርጣረ ኣለዎ። ከም ውጽኢቱ ድማ ካብቶም እሱራት እቶም ኣዝዮም ዝበዝሑ ድማ ጴንጠቆስጣውያንን ወንጌላውያንን እዮም። እዘን ጉጅለታት’ዚኤን፡ ክፉል ናይቲ ናብ ሃገር ንኽኣትዉ ዚግበር ናይ ወጻኢ ጐስጓስ ከምዝኾና፡ ንባህላዊ ልምድታት ኤርትራ ጋሻ ኣብ ዚኾነ ናይ ጐነጽ ወንጌል ከምዝነጥፉን ማሕበራዊ ፍልልያት ከምዘስዕባን ገይሩ ይገልጸን።

ኣብ ዓመተ-2017፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ጴንጤቆስጣውያንን ወንጌላውያንን ክርስትያናት ስቓይ ምብጻሕ ወሲኹሉ። ሓይልታት ጸጥታ ኤርትራ፡ ተሓቢእኻ ኣብ ዚካየድ ኣኼባታት ጸሎትን ሃይማኖታዊ በዓላትን፡ ንሰዓብቲ እዘን እምነታት ብተደጋጋሚ ኣሲሮም እዮም። ከም ሓድሽ ምዕባለ ድማ ፖሊስ፡ ገዛ-ገዛ እናኸድካ ፈተሻ ብምክያድ፡ ነቶም ጴንጤቆስጣውያን ወይ ወንጌላውያን ኣመንቲ፡ ብሰንኪ ዘለዎም ሃይማኖታዊ እምነት ጥራይ ኣሲሮም እዮም። ኣብ ወርሒ ግንቦት፡ ሰበስልጣናት፡ ኣብ ምሉእ ሃገር፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ምስጢራዊ መርዓ እተረኽቡ 49 ወንጌላውያን ዝርከብዎም ከባቢ 100 ክርስትያናት ኣሲሮም። ኣብ ወርሒ ሰነ፡ ፖሊስ፡ ገዛ-ገዛ ፍተሻ ብምክያድ ተወሰኽቲ 70 ጴንጤቆስጣውያንን ወንጌላውያንን ክርስትይናት ኣሲሮም። ኣብ ወርሒ ነሓሰ ድማ ሰበስልጣናት፡ ኣብ ኣስመራ፡ 23 ክርስትያናት ኣሲሮም።

ሓያሎ ወንጌላውያንን ጴንጤቆስጣውያን ፓስተራት፡ ንልዕሊ 10 ዓመታት ተኣሲሮም ይርከብ፣ ንሶም ድማ መስራቲ ምሉእ ወንጌል ቤተክርስትያን ደቡባዊ ምዕራብ ዝኾነ ፓስተር ክፍሉ ገብረመስቀል (ካብ 2004 ጀሚሩ)፣ ፓስተር ሬማ ቤተክርስትያን ምጽዋዕ ዝኾነ ፓስተር ሚልዮን ገብረስላሴ (ካብ 2004 ጀሚሩ)፣ ፓስተር ምሉእ ወንጌል ዝኾነ ፓስተር ሃይለ ናይዝጊ (ካብ 2004 ጀሚሩ)፣ ፓስተር ቃለ-ህይወት ዝኾነ ፓስተር ዑቕባሚካኤል ተኽለሃይማኖት (ካብ 2005 ጀሚሩ) ከምኡውን ፓስተር ምሉእ ወንጌል ቤተክርስትያን ዝኾነ ፓስተር ኪዳነ ወልዱ (ካብ 2005 ጀሚሩ) ይርከብዎም።

***መሰኻኽር የሆዋ፥*** መሰኻኽር የሆዋ፡ ብምኽንያት ዘለዎም እምነት፡ ኣብ ፖሎቲካ ጸግዒ ዘይምሓዞምን ንወተሃደራዊ ኣገልግሎት ብሕልና ስለዝነጽግዎን መከራ ይረኽቡ ኣለዉ። ኣብ 25 ጥቅምቲ 1994፡ ፕረሲደንት ኢሳይያስ፡ ኣብቲ ንናጽነት እተገብረ ረፈረንዱም ንኸይሳተፉ ብምንጻጐም ወይ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዘይምስታፎም፡ ዜግነቶም ንኽሕከኽ ኣዋጅ ኣውጺኡ። ካብ 1994 ጀሚሩ፡ መሰኻኽር የሆዋ፡ ብመንግስቲ ዚውሃብ ሰነዳት መንነትን ጉዕዞን፡ ስራሕ መንግስትን ፍቓድ ዋኒን-ትካላትን ንኸይረኽቡ ተኸልኪሎም ይርከቡ። መርዓታት ወይ ዕድጊ መሬት ሕጋዊ ኣፍልጦ ንኸረክብ፡ ካርድ መንነት ኤርትራ የድሊ። ገለ ሰበ-ስልጣናት ከባቢ፡ ንመሰኻኽር የሆዋ፡ ማይን ጋዝን ከምዝኸልእዎም ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ናይ ሽዱሽተ-ኣዋርሕ ወተሃደራዊ ስልጠና ዝርከቦ እቲ ናይ መወዳእታ ዓመተ-ትምህርቲ ኣብ መዓስከር ስልጠናን ትምህርትን ሳዋ ንኽውድእዎ መንግስቲ የገድድ ስለዝኾነ፡ መሰኻኽር የሆዋ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ስልጠና ምስታፍ ስለዝነጽጉዎ፡ ካልኣይ ደረጃ ወዲኦም ንኽምረቑ ዕድል ኣይህቦምን እዩ። መሰኻኽር የሆዋ ዝኾኑ ገለ ቆልዑ፡ ንባንዴራ ስለዘየውረዱን ዘየደየቡን ወይ ኣብቲ ብወግዒ ፍቓድ እተዋህበ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ቆልዑን ኣባል ንኽኾኑ ስለዘይከፈሉን ካብ ቤት ትምህርቲ ከምዝስጐጉ ይኾኑ እዮም።

ኩሎም ኣብ ኣኼባ ዝነበሩ መሰኻኽር የሆዋ፡ ኣብ ገዛ ወይ ኣብ እተኻረየ መሳለጥያታት ናይ ኣምልኾ ኣገልግሎታት እናተሳተፉ ከለዉ ስለእተረኽቡ ከምዝእሰሩ ተገይሩ፣ መሰኻኽር የሆዋ ዝኾኑ ውልቀሰባት፡ እምነቶም ንኻልኦት ብምንጋሮም ወይ ናይ ሕልና ተቓውሞ ስለዘርኣዩ፡ ብቐጻሊ ይእሰሩን ይቕየዱን እዮም። ገሊኦም ቀልጢፎም ክፍትሑ ከለዉ፡ ካልኦት ግን ብዘይ ክሲ ወይ ፍርዲ ገደብ ንዘይብሉ ግዜ ተኣሲሮም ይርከቡ። ኣብ ጥቅምቲ 2017፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ን55 መሰኻኽር የሆዋ፡ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ማእሰርቲ ከምዝእሰሩ ገይሩ።

መሰኻኽር የሆዋ ጳውሎስ እያሱ፡ ይስሓቕ ሞጐስን ነገደ ተኽለማርያምን፡ እቶም ንነዊሕ-ግዜ እተኣስሩ ሃይማኖታውያን እሱራት ኤርትራ እዮም። ኣብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ምግልጋል ስለእተቓወሙ፡ ካብ 24 መስከረም 1994 ጀሚሮም፡ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ሳዋ ተቐዪዶም ይርከቡ።

***ፍሉጣት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት፥*** መንግስቲ ኤርትራ፡ ንንጥፈታት ኣርባዕተኤን ፍሉጣት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት ብጥብቂ ይከታተል። እዘን ጉጅለታት’ዚኤን፡ ኣብ ነፍስወከፍ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ጸብጻብ ንጥፈታት ከቕርባ ይግደዳ፣ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝርከቡ ተሓጋገዝቲ ሃይማኖታውያን ምወላታት ንኸይቕበላ መምርሒ ተዋሂብወን (ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ብእኡ ከምዘይትምእዘዝ ብግልጺ ዝሕብር ትእዛዝ ኣሎ)፣ ከምኡውን ሃማኖታውያን መራሕቲ ብሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ይሸየሙ። ንኣርባዕቲኤን ወግዓውያን ሃይማኖታት ዚምልከት ብስለያ መንግስቲ ዝዳሎ ጸብጻብ ድማ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ እቶም ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብኣካል ዝበጽሑ ሰበ-ስልጣናት ኤርትራ፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ብመንግስቲ እተፈቕደሉ ቤተክርስትያን ኦርቶዶክስ ጥራይ ንኽሳተፉ ኣብ ወጻኢ ኣብ ዝርከቡ ኣባላት ጸቕጢ ከምዝገብሩ ይሕበር። እቶም ንመንግስቲ እተቓወሙ ኣስላም፡ ኣኽረርቲ ዚብል ስም ይውሃቦም። ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን፡ ንገለ በጻሕቲ ኣቡናት ንኽትቅበል፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጽጽስና ምወላ ንኽትረክብ፡ ንሃይማኖታዊ ዕላማታትን ስልጠናን ብውሑድ ቁጽሪ ንኽትገይሽ፡ ከምኡውን ንተማሃሮ ቤተ ክህነትን ፈለስትን ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናጻ ንኽኾኑን ፍቓድ ምሃብ ዜጠቓልል ካብ ካልኦት ሃይማኖታውያን ማሕበረሰባት - ዋላውን ድሩት እንተኾነ - ቅሩብ ዝሓሸ ናጽነታት ይውሃባ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ንፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኤርትራን ሙፍቲ ማሕብረሰብ ምስልምና ኤርትራን ከምኡውን ካልኦት ታሕተዋይ ደረጃ ዘለዎም ሃይማኖታውያን ሰበ-ስልጣናት ይምዝዝ። እቶም ነዚ ምሻም ስልጣን እተቓወሙ ኣማኢት ሃይማኖታውያን መራሕቲ ኦርቶዶክስ ክርስትያናትን ምስልምናን ተቐዪዶም ይርከቡ።

መንግስቲ ኣብ ጉዳያት ቤተክርስትያኖም ኢዱ ስለዘእተወ ብምቅዋሞም ብመንግስቲ ከምዝእለዩ እተገብሩ ፓትርያሪክ ኦርቶዶክስ ኤርትራ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ካብ 2007 ጀሚሩ ምስ ሰብ ርክብ ንኸይገብሩ ተባሂሉ ኣብ ገዛ ንበይኖም ተቐይዶም

ይርከቡ። ጉዳዮም፡ ኣብ ፕሮጀክት ናይ ሕልና ሃይማኖታውያን እሱራት USCIRF (Religious Prisoners of Conscience Project) ተነጺሩ ኣሎ። ፓትሪያሪክ እንጦንዮስ ንኸፍትሑ ንዝበጽሖ ልዑል ኣህጉራዊ ጸቕጢ መልሲ ንምሃብ፡ ካብቲ ዝጸንሕዎ ናይ 10 ዓመታት ማእሰርቲ ንፈለማ ግዜ፡ ኣብ 16 ሓምለ 2017 ኣብ ህዝቢ ከምዝርኣዩ ገይሮም፣ ሰበስልጣን መንግስቲ ድማ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤተክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ኣስንዮሙዎም ነይሮም። እንተኾነ ግን፡ ፓትሪያሪ እንጦንዮስ፡ ብወኪላት ጸጥታ ተኸቢቦም ነይሮም፣ ንተሳተፍቲ ኣመንቲ ስብከት ክሰብኩ ወይ ዘረባ ከስምዑ ወይ ክጽልዩ ኣይከኣሉን። ኣብ 19 ሓምለ፡ መንግስቲ፡ ንፓትሪያሪክ እንጦንዮስ ናብ ሓድሽ ቦታ ኣግዒዝዎም፣ እዚ ድማ ደሓን ኩነታት መነባብሮ ዘለዎ ኮይኑ፡ እሱር ገዛ ኮይኖም ይቕመጡ ኣለዉ።

### *ፖሊሲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ*

ኣብ 2017፡ ኣብ መንጐ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤርትራን ዘሎ ዝምድና፡ ሕማቕ ኮይኑ ቀጺሉ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 2005 ንUSAID ካብቲ ሃገር ከምዚወጽእ ገይሩ፣ ኣብታ ሃገር ዝነበረ ፕሮግራማት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ድማ ኣብ ዓመተ-2006 ከምዘብቅዕ ኮይኑ። ኤርትራ፡ ንምዕባለ፡ ሰብኣዊ ወይ ጸጥታዊ ሓገዝ ብዚምልከት ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣይትቕበልን ኣላ። ካብ 2010 ጀሚሩ፡ እቲ መንግስቲ፡ ናብታ ሃገር ዝተመዘዘ ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንኸይቕበል ብወግዒ ነጺግዎ ይርከብ፣ ከም ኣምሳያኡ ድማ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ንወረቓቕቲ ስራሕ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሰሪዝዎ። ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ከዘራረቡ ከለዉ፡ ንጥሕሰት ሃይማኖታዊ ናጽነት ብተደጋጋሚ የልዕሉ እዮም።

ንኤርትራ ዚምልከት ፖሊስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣብ ጸጥታዊ ኩነታት ዜተኮረ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ንሰሜን ኮርያ ሓገስ ስለዝሃበ፡ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ዕለት 21 መጋቢት 2017፡ ንዕኡ ንምቅዋምን ውልቃውያን ለኣኽቲ ኣቑሑ ድማ ምስ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ንግዳዊ ትውጊት ንኸይፍጽሙን ናይ ክልተ ዓመት እገዳ ኣጽኒዑ።

ኣብ 2009፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኤርትራ ንዕጡቓት ጉጅለታት ሶማልያ ደገፍ ብምሃብን ምስ ጅቡቲ ግጭት ድሕሪ ምግባራ ንሰራዊታ ካብ ዶብ ኤርትራን ጅቡትን ብዘይምንስሓባን፡ ንኤርትራ ዚቐጽዕ ብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 1907 (UN Security Council Resolution 1907) ንዘርዓማ ዝበዝሓ ሃገራት 13-ኣባላት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ተጸምቢራተን። እቲ ማዕቀባት፡ ንእገዳ ኣጻዋር፡ ምውሳን መገሻታትን ምድስካል ንብረት ፖሎቲካውያንን ወተሃደራውያንን መራሕቲ መንግስትን ኣብ ማዕቀባት ሶማልያ ብዚከታተል ኮሚቴ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዝተፈልጡ ካልኦት ውልቀሰባትን የጠቓልል። ኣብ 2010፡ ፕረሲደንት ኦባማ፡ ንንብረትን ረብሓ ንብረትን'ቶም ኣብ ሶማልያ ዝርከብ ኣልሸባብ ንዝመወሉ ሓያሎ ውልቀሰባት ከምዚዕጾ ዝገብር ውሳኔ ላዕለዋይ ፈጻሚ 13536 (Executive Order 13536) ሂቡ። ኣብ 2011፡ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት፡ ንብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 2023 ብምድጋፍ፡ ንብይን ማዕቀባት 1907 ንኽተግብራን እቲ ምስ ኢንዱስትሪ ማዕድን ኤርትራ ዝግበር ውዕላት ነቲ ከባቢ ንዘናዕብ ንጥፈታት ደገፍ ከምዘይህብ ንኸረጋግጻን ዚጽውዕ ብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 2023 (UN Security Council Resolution 2023) ብምቕባል፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ድምጺ ሂባ። ኣብ 2017፡ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ማዕቐብ ኣጽዋር ኣብ ኤርትራ ጸኒዑ ክጸንሕን ሓላፍነት ጉጅለ ምክትታል ኣብ ሶማልያን ኤርትራን ድማ ንኻልእ ሓደ ዓመት ክሕደስን ኣብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ድምጺ ሂባ።

ዝምድና ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤርትራን፡ ብምኽንያት ምስ ኢትዮጵያ ዘሎ ሓያል ምትእስሳር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ብኣሉታዊ ተጸልዩ ይርከብ። ኤርትራ፡ ኣብ 1993 ናጽነታ ምስረኸበት፡ ካብ 1998 ክሳዕ 2000 ኣብ ዘሎ ግዜ ምስ ኢትዮጵያ ደማዊ ናይ ዶብ ውግእ ኣካዪዳ። እንተኾነ ግን፡ ኢትዮጵያ ብመሰረት ኣብ 2002 ኣብ ሄግ ብዝመደበሩ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሃቦ ውሳኔ፡ ምምልካት ዶብ ንኽግበር ብዘይምፍቃዳ፡ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓርፊፉ

ይረከብ። መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ እቲ ውሳኔ ኮሚሽን “ናይ መወዳእታን ቀያድን”’ዩ ይብልን ክልቲኦም ወገናት ድማ ብእኡ ንኽምእዘዙ ትጽቢት ይገብርን።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ መስከረም 2004 ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ከምእትኣቱ ገይሩ። ንዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ኣብ መስከረም 2005ን ጥሪ 2009ን ኣብ ዝሓደሰሉ እዋን፡ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ ኣዋጅ ቁጽጽር ምልኣኽ ኣጽዋር (Arms Export Control Act) ተሓቢሩ ዘሎ ኣቐሑን ኣገልግሎታትን ምክልኻል ብዚምልከት ንግዳዊ ምልእኣኽ ንኸይህሉ ሓቢሩ፣ እዚ ግን ንገለ ኣቑሑ ኣይምልከትን እዩ። ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ማለት ታሕሳስ 2017 ንኤርትራ ኣብ ዝርዝር 'ፍሉይ ምክትታል ዝግበረለን ሃገራት' ደጊሙ ኣእቲዋ ኣሎ፣ ከምኡውን ሽሕ እኳ ካብ 2011 ጀሚሩ እዚ ማዕቀብ ብመሰረት ብይን ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት 1907 (ኣብ ላዕሊ ርኣዩ) እንተኾነ፡ ፕረሲደንታዊ ስጉምቲ ማዕቐብ ኣጽዋር ግን ይቕጽል ኣሎ።